# 20 ሰነ መዓልቲ ስውኣት

20 ሰነ ፍልይቲ መዓልቲ
ንእስነት ከይረኤኹም ዝመረጽኩም መስዋእቲ
ብሳላኹም ተወሊዓ መብራህቲ
ኣሎና ሕድሪ ተቐበልቲ።

ቅሰኑ ሰማእታትና
ዘንተ ዕለት ህልዋት ኢኹም ኣብ ልብና
ሳላኹም ኰሪዕና
ብደምኩም ነጻነት ረኺብና
ስድራ ቤትኩም ስድራ ቤትና
ቅር ኣይበልኩም ኣብ ጸግዮም ኣሎና
በሉ ኣሕዋትን ኣሓትን ነልዕል እጃምና
ስድራ ስውእ ምሓዝ እንታይ ከይሃስየና
ኮታ ዕግበት'ዩ ዝህበና
እዚ ድማ ነባሪ ታሪኽ'ዩ ንዓና
ኣርኣያ ንኹን ንደቅና
ንሳቶም ድማ ክስዕቡ ኣሰርና

ንዓና ክትብሉ ሓመድ ዝለበስኩም
ዓጽምኹም ዝኸስከስኩም
ኣይረሳዕናዮን ለበዋኹም
ኣይረሳዕናዮን ሕድርኹም
መን ኣሎ ዘይዛረብ ብኣኹም
ኣብ ምሉእ ዓለም ገረብ ተተኺሉ ብስምኩም
ኣብ ኤርትራ ጥራሕ ኣይኮናን ንዝክረኩም
ኣብ ኣጽናፍ ዓለም ህልዋት ኢኹም
ኮታ ጠጢዑ እዩ ኣግራብኩም

ሽምዓ ወሊዕና ክንሓልፍ ተሰሪዕና
ባንዴራ እንዳ ኣንበልበልና
ኵሉ ይሓትት መንነትና
ኤርትራውያን ኢዮም ይብሉና
ኵላትና ንኾዓዝ ኣብ ገረብ ስውኣትና
ንሕና ፍሉያት ህዝቢ ኢና
ፍሉይ ዝገብረና ሓድነትና
ዘይዛረብን ዘይቀንእን የሎን ብኣና
ኣብ ትሕቲ ገረብ ስውኣት ሽምዓ ወሊዕና
ሽሁ ኢና ነሐድስ መብጽዓና

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና